# ንህዝቡ ኣኹሪዑ፡ ንጸላእቲ ዘሕረረ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ!

*ዳርጋ ካብ ሙሉእ ዓለም ዝመጹ፡ ልዕሊ 750 ኤርትራውያን መንእሰያት ዝተሳተፉዎን፤ ካብ 29 መጋቢት ክሳብ 1 ሚያዝያ፡ ኣብ በርሚንግሃም ብሪጣንያ ብዓቢ ተገዳስነት ዝተኻየደን፤ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ፡ ኣገደስቲ ውሳኔታት ብምጽዳቕ ብዝለዓለ ድምቀትን ዓወትን ተዛዚሙ'ሎ። ኣብዛ ብዙሓት መንእሰያት ዓለምና፡ ኣብ ወልፍን ስነኣእምሮኣዊ ጸገማትን ጥሒሎም ኣንፈቶም ብምስሓት፡ ኣብ ዘይምውዳቖም ኪወድቁ ምዕዛብ ልሙድ ዝኾነላ ዓለም፤ ካብ ኵሉ ኵርናዓት ዓለም ዝተኣኻኸቡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ንኹሉ መፈንጠራታት በዲሆም፡ ብዛዕባ መጻኢ ናይታ ጽባሕ ዝርከቡዋ ሃገሮም፥ ብዘይ ዕቃቤታት ርእይቶታቶም ኪለዋወጡን ኣብ ምርድዳእ ኪበጽሑን ምርኣይ፤ ብመስተንክር ጥራይ ዚግለጽ ፍሉይ ፍጻሜ'ዩ። ነዚ ንሕልና ኣርውዩ ቅሳነት ዚፈጥር ክውንነት ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ዘሓጉስ ነገር ከምዘየለ ከኣ፡ ወለዲ ዚሰማምዑሉ ሓቂ'ዩ።*




*ስለዚ'ዩ ድማ ነዞም፡ **"ሓፋሽ ይወደብ ይንቃሕ ይተዓጠቕ!"** ንዚብል ንሰውራ ኤርትራ ዘዐወተ ጭርሖ ዳግማይ ኣሐዲሶም፡ ታሪኽ ዚፍጽሙ ዘለዉ ገበርቲ ቅያ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ብልብኻ፡ **"ተዓወቱ! ጸባ ስተዩ! ዘቕስነኩም ውለዱ!"** ክትብሎም እትህወኽ። ልቦናን ጽንዓትን ናይዞም ኣብ ናጽነት ቄልዑ ዝነበሩን፡ ጽባ'ሕ ናጽነት ዝተወልዱን መንእሰያት፡ **"እዛ ሃገር ሰብ ከምዘለዋ!"** ኣረጋጊጹ፡ ቅሳነት ይፈጥረልካ'ሞ ብኤርትራውነትካ ድማ ትሕበን። እዚ መስተንክራዊ ሓድነት፡ ጽንዓት፡ ብስለት፡ ንቕሓትን ተወፋይነትን፡ ንጸላእቲ ኤርትራ ስለዘየቕስኖም ግን፤ ነቶም ሓላላት ደቂ ኤረ፥ **"ዓይኒ ጸላኢ ኹም ይደፈን!"** እናበልካ፡ ሰሰናዩ ጥራይ ከጋጥሞም ብልቢ ትምነየሎም።*

 

*ለባማት ወለድና ኪምስሉ ከለዉ፡ **ኣብ ከሻ ስርናይ ቍንጣሮ ክርዳድ ኣይሰኣንን'ዩ ይብሉ!"።** ልክዕነት ምስላኦም ምእንቲ ኪረጋገጽ ግዲ ኰይኑ ከኣ፡ ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ በዞም ብስርናይ ዚምሰሉ ዕዉታት መንእሰያት ህግደፍ ጸባ ሰትዩ ኪቑስን ከሎ፤ በቶም ብኽርዳድ ዚምሰሉ ውሑዳትን ህውቱታትን ግን፡ ቅር ከይበሎ ኣይተረፈን። እዞም መወልቶም ብዝህቡዎም ገንዘብ ተዓሚቶም፡ ኣንጻር ሓቂ ዝንቀሳቐሱ ሰባት፡ ኣቡኡ ናብ ዘፍለጠ ክድዓት ጥሒሎም'ዮም። ሕሉፍ ሓሊፉ ከይሓፈሩ፡ ብሓገዝ ወያነ ንኤርትራ ዘርብሕ ለውጢ ክነምጽእ ኢና ይብሉ'ለዉ። ንዚብልዎን ንዚጽሕፉዎን ሰሚዕካን ነቢብካን ከኣ፡ ምስ ጥዕናኦም ኣለዉ ክትብሎም የጸግመካ። **ብኸመይ ተኣምር፡ ናብ ከምኡ ዝኣመሰለ ጥልመት ሃገርን ህዝብን ኪጥሕሉ ክኢሎም?** ኢልካ ድማ፡ ንኣእምሮኻ ተዋጥሮ። ብወያነ ተገዲዶም ከይትብሎም፡ ካብ ወጻኢ ዚብልዎን ዚጽሕፉዎን ብምዃኑ፡ ብልሓቱ ጠፊኡካ ዝያዳ ትግረም። ከመይሲ፡ ካብ ቀዳሞት ወለዶታትና ብሙሉኣቶም ጀሚርካ፡ ንወለዶ ገድልን ይከኣሎን ብሙሉኦም ደሚርካ፡ ክሳብ'ዚ ሓድሽ ወለዶ ዋርሳይ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይሃሉ ኣብ ወጻኢ፡ ሙሉእ ጥዕና እናሃለዎ ንራህዋን ረብሓን ኤርትራ ባዕዳውያን ከረክቦዎ ዝተጸበየ ኤርትራዊ ዘጊት ኣይተወልደን ኣይክውለድን ከኣ'ዩ። **እቲ ኵልና ብሓደ ልቢ እንኣምነሉን፡ ቀጻሊ ዘዐውተናን፡ ኒሕ፡ ሓቦ፡ ዓብን ነቕ ዘይብል መትከል ርእሰ ምርኰሳን'ዩ።** ህዝቢ ኤርትራ ውሑድ ክነሱ፡ ነቶም ብርእሰ ሓያላን ዓለምና ዚድገፉ ስርዓታት ደማሲሱን፡ ታሪኽ ናይ ጽንዓትን ዘይተምበርካኽነትን ፈጺሙን ብዓወት ቦሎኽ ዝበለ፡ መስዋእቲ ኪኸፍል ቅሩብ ስለዝኾነ'ምበር፡ እሺ ጕይታይ እናበለ ብምስጋድ ከምዘይኮነ ዝርስዕ ኪህሉ ኣይግባእን። ስለዚ እዞም ንጫማ ወያነ ስዒሞምን፡ ንመምርሒኦም ርዒሞምን ኣንጻር ኤርትራ ዚንቀሳቐሱ ዘለዉ፡ ኵሉ ኤርትራዊ ብዘየወላውል መንገዲ፡ **ብህጹጽ ጌጋኹም ኣሪምኩም ተናሰሑ፡ እንተዘየለ ግን፡ ኣብ ናይ ታሪኽ ጕሓፍ እትጕሓፉሉ እዋን ርሑቕ ኣይኰነን፤ ዝብለሉ እዋን ሕጂ'ዩ።***

*ንዝሓለፈ ኵነታት ብጭብጢ ምእንቲ ክንርድኦ፡ ቍሩብ ንድሕሪት ምልስ ኢልና'ሞ፡ ድሕሪ ናጽነት ንዝነበረ ጸገማት ንገምግሞ። ስርዓት ወያነ ብጥልመትን ብድፍኢትን ጕይተቱን፡ ወራር ኪፍንወልና ከሎ፡ ዕላምኡ እንታይ ከምዝነበረ ዘይተሰወጠ ኤርትራዊ'ዶ ነይሩ'ዩ። ወያነ ከም ስርዓት፡ ብርእሰ ምትሓት ስለዚሳቐን ምዕባሌ ኤርትራ ስለዘየቕስኖን'ምበር፡ ናይ ትግራይ ውድብ ብምዃኑ ኣይኮነን ዚጽላእ። ኤርትራውያን ምስ ህዝቢ ትግራይ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዝኾነ ይኹን ነባሪ ጽልኢ የብሎምን። ንኤርትራ ከንበርክኹ ንዚደልዩ ግን፡ ጕዶም ኪኽሻሕ ግድን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ንወያነ ዓኽ ጡፍ ዝበሎ ከኣ፥ ነዞም ዝስዕቡ ሓጥያታት ስለዝፈጸመ ጥራሕ'ዩ።*

- ***<u>ኮለንተናና ኣብ ልምዓት እንከሎ፡ ኣዘንጊዑ ወራር ፈንዩ ከንበርክኸና ስለዝፈተነ።</u>***
- ***<u>ናይ ኣየር ጸብለልትነት ኣሎኒ ብዝብል ትምክሕቲ፡ ንርእሲ ከተማና ኣስመራ፡ ንወደብ ባጽዕን ካልእን ብነፈርቲ ውግእ ደብዲቡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ራዕዲ ኪፈጥር ስለዝፈተነ።</u>***
- ***<u>ነቶም ኣብ ስልጣን ንኺድይብ ዝደገፉዎን ዘድመጹሉን ልዕሊ 80,000 ኤርትራውያን፡ ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለንን ብምባል፡ ንመዋእሎም ዘጥረዩዎ ንብረቶም ዘሚቱን፡ ንስድራቤታት በታቲኑን ብኢሰብ ኣዊ ኣገባብ ብዘይንሕስያ ካብ ኢትዮጵያ ስለዘባረረ።</u>***
- ***<u>ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ ንመቓብር ናይቶም ኣዚና እነኽብሮም ሰዉኣትና ኣዕንዩን ፍሒሩን፡ ኣዕጽምቶም ብምብትታንን ንሰናዱቖም ብምርሳይን ዘይሕከኽ ጽልኢ ስለዝፈጠረ።</u>***

*ድሕር'ዚ ኹሉ ስርዓት ወያነ ዝፈጸሞ፡ ካብ ልቢ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ዘይሕከኽ ሰይጣናዊ ተግባራት፤ ፈጺሙ ከምዘየጋጠመ ገምጊሙ፡ ወያነ ንኤርትራ ዘርብሕ ነገር ከምጽእ'ዩ ዝብለና ኤርትራዊ፥ ብጥዕናኡ ኣሎ ስለዘይንብሎ፥ ምሕረት የውርድ ካብ ምባል ሓሊፍካ ዝበሃል የለን።*

*ጭቡጥ መረጋገጺ ናይቲ ወያነ ብቐጻሊ ዘካይዶ እከይ ተግባራት፡ **<u>ትግራይ ኦን ላይን</u>** ዝበሃል መርበብ ሓበሬታኦም፡ ብዕሊ ንዚዘርጊሖ እኩይ ዕላማ ምጥቃስ እኹል'ዩ። ተንኮለኛ ዕላማኦም ኣብ መርበብ **<u>መስከረምኔት</u>** ብዕሊ ምውጽኡ ከኣ፡ ንሚዛን መስከረምኔት ዘፍኮሰ'ዩ። ትሕዝቶኡ ግን ከምዚ ዚስዕብ'ዩ። **<u>"ኢትዮጵያ ዝተኸተለቶ ናይ ኣይኮናት ኣይሰላም ስትራተጂ፡ ንቖጠባ ኤርትራ ጸንቂቑ ሃደሽደሽ ኣቢሉዎ'ሎ። 95% መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ግንባራት ዓሪዱ ኪነብር ስለዝተገደደ፡ ንወተሃደራዊ ዕላማ ዝሰላዕ ወጻኢታት ንሰማይ ከምዚውንጨፍ ኣገዲዱዎ'ሎ።"</u>***

*ንስለ ሓቂ፡ ቍጠባ መን'ዩ ሃደሽደሽ ዚብል ዘሎ፡ ዓለም ሙሉእ ስለዝፈልጦ ዘሰክፍ ኣይኮነን። እንተቲ ንኺጃሃሩ ዝኸሸሕዎ ተንኮሎም ግን፡ ዝሃውተቱ ለቢሞም ንኺናሳሑ ኪሕግዝ ይግባእ። ኣብ ቤልጁም ዝሃቦም መግለጺ'ውን፡ **<u>ንትግባረ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ምስ ወደባታ ኪሕግዞም፡</u>** ንሱ ከኣ ዘድሊ ሓገዝ ኪገብረሎም ተመባጺዑ'ዩ። ድሕርዚ'ሞ እንታይ ኪበሃል ዝከኣል ኰይኑ?*



***ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!***

***ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!***




***ኤርትራዊ መንእሰይ ጽኑዕ ተረካቢ ሕድሪ'ዩ!***

***መትከል ኣስመሮም ሸወደን።***